በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ፥ ኣሜን።

ኤርትራ ኦ. ተ. ቤተ ክርስቲያን፥ ን/ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣመሪካ፥
ክ/ትምህርትን ስብከትን፥
(WWW.TEWAHDO.COM)

# “ንስኻትኩም ኣብ ቃለይ እንተጸናዕኩም ብሓቂ ደቀ መዛሙርተይ ኢኹም። ንሓቂ ክትፈልጥዋ ኢኹም፡ እታ ሓቂ ድማ ሓራ ክተውጽኣኩም እያ።” ዮሓ. 8፡31-32

እግዚኣብሔር ረዲኡና፡ ዓመታዊ መንፈሳዊ ጉባኤና ኣብ ትሕቲ እዛ ናይ ኣርእስትና መሪሕ ጥቕሲ፡ ንሻሙናይ ግዜ ነካይድ ኣሎና። ብፁእ ወቅዱስ ኣቡነ ፊሊጶስ ብኣካል ተረኺቦም ንንኡስ ሃገረ ስብከት ብሕጊ ካብ ዞቑምዎ ንደሓር፡ ኣብ ነፍሲወከፍ ዓመት ብቅዱሳን ፓትርያርካት፡ ኣቡነ ፍሊጶስ (1ይ ፓትርያርክ)፡ ኣቡነ ያዕቆብ (2ይ ፓትርያርክ)፡ ኣቡነ እንጦንዮስ (3ይ ፓትርያርክ)፡ ወይውን ባዕሎም ብዚወከልዎም ልኡኻት እንዳማዕረገዩ ጉባኤታትና ኪፍጸም ጸኒሑ። ሎሚ ግን ብሰንኪቲ ኣብ ታሪኽ ቤተክርስትያንና ንመጀመርያ ግዜ ዝተራእየ ግህሰት ኃይማኖት፡ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስቲያን ኤርትራ፡ ካብ ኩለን ኣሓት ኦርየንታል ኦርቶዶክስ ኣብያተክርስቲያናት ተነጺላ፡ ኣብ ከቢድ ቅልውላው ትርከብ። ኣብ ዝሓለፈ ሒደት ዓመታት ንዕብየትን ትንሣኤን ቤተክርስትያንና ዝጸዕሩን ጉልበቶም፡ ግዜኦምን ገንዘቦምን ዝውፍዩ ሰባት ስለዝተረኽቡ ኣብያተ ክርስትያናትና ኣብ ሓጺር እዋን ብዕጽፍን ድርብን ዓብየን፡ ኣብ ስደት ጓሳ ስኢኖም ፋሕ ኢሎም ንዝነበሩ ምእመናን ኪጓስያ ብምጅማረን ተስፋ ዝህብ መንፈሳዊ ዕዮ እዩ ጸኒሑ። እንተኾነ “ዘራጊ ማይ ከሎ ጽሩይ ማይ ነይስተ” ከምዝብሃል ዕብየት ቤተክርስትያንና ዘስግኦም፡ ንውድቀትን ምፍልላይን ዝጽዕሩ ስለዝተረኽቡ፡ ቤተክርስትያንና ኣብ ከቢድ ደልሃመት ወዲቓ ትርከብ። ነገር ግን እዚ ስራሕ ሰይጣን ስለዝኾነ ጊዝያዊ ፈተና እዩ። እቲ ንዓለም ኣገሪሙ ዘሎ፡ ኣብ ቤተክርስትያንና ተፈጺሙ ዘሎ ገበን መንፈሳዊ ፈውሲ ረኺቡ፡ ኣቦና ብጹእ ወቅዱስ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ኣቡነ እንጦንዮስ ናብ ወንበሮም ተመሊሶም፡ ቤተክርስትያንና ካብዚ ከቢድ ቅልውላው ወጺኣ ኣሰር እተን መሳቱኣ ኣሓት ኣብያተክርስቲያናት ክትጉዓዝ፡ ንኣምላኽ ዝስኣኖ ነገር የልቦን እሞ፡ ወትሩ ግዜ ክንጽልን ክንምህለልን ይግባእ። ኩለን ኣሓት ኣብያተክርስቲያናት ብጸሎት ኮይነን ብጽሞና ነዚ ጉዳይ ይከታተልኦ ከምዘለዋ ፍሉጥ ኮይኑ፡ ብፍላይ ድማ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ግብጺ፡ ከም ማእከል ናይ መንበረ ማርቆስ መጠን፡ እዚ ሽግርዚ ካብ ዝተቀልቀለሉ እዋን ጀሚራ ስለ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስቲያን ኤርትራን ስለ ብፁእ ወቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስን ንሓንቲ መዓልቲ እኳ ከየብኮረት ኣብ ጸሎት ተጸሚዳ ትርከብ ኣላ።

ኣብዚ ከቢድ ናይ ፈተና እዋን ብፁእ ኣቡነ እትናቴዎስ ካብ ግብጺ ኣቦ ኮይኖም ምሳና ብምውዓሎም ንኣምላኽ ነመስግኖ። ግብጻውያን ድማ ኣብ ሃገሮም ንዘጋጥሞም ጸቕጥን ፈተናን ስዒሮም፡ እምነቶምን ቤተክርስትያኖምን ኣጽኒዖም ጽላል ካልኦትን ሓበን ናይዛ ጥንታዊት ተዋሕዶ ኃይማኖትን ኪኾኑ ምብቃዖም፡ ንዓና ድሕሪ ፈተና ዓወት ከምዘሎ ዘረጋግጽ፡ ተወሳኺ ዓቢ ኣብነት እዩ። እንተኾነ ከምቲ ኣርእስትና ዝገልጾ፡ እዚ ሎሚ በጺሖምዎ ዘሎዉ ደረጃ፡ ጻማ ናይቲ ኣብዚ ንኽበጽሑ ንዓሰርተታት ዓመታት ዝኸፈልዎ ከቢድ መስዋእቲ ምኻኑ ተገንዚብና፤ ሓቂ ምሓዝ ከምቲ ኣቦታት ዝምስልዎ፡ “ወይ ጭራ ነብሪ ዘይምሓዝዩ፡ እንተሒዝካ ድማ ዘይምፍናውዩ” ማለት ምኻኑ ተረዲእና፡ ሓቂ ተኸፍሎ ዋጋ ኩሉ ክንከፍልን ክንውፈን ድኣ እምበር ብኽምኡ ዓወት ክንጽበ የብልናን። ኣብ ታሪኽ ይኹን ኣብ ቅዱሳት ጽሑፋት ብላንጋ ላንጋን ብኽልተ ልብን ዝተረኽበ ዓወት ኣንቢብናን ርኢናን ኣይንፈልጥን ኢና። ኣምላኽ ይርድኣና።

ጉባኤና ከምወትሩ ብትሕዝቶኡ ሃብቲሙ፡ እዚ ማእከላይ ሓሳብ ናይዚ ዓመትዚ ኣብ ሓሙሽተ ተኸፋፊሉ ብስብከት መልክዕ ኪውሃብ እዩ። ብተወሳኺ ዶግማን ቀኖናን ቤ/ክርስቲያን፡ ታሪኽ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስቲያን፡ ናይ ስነ-መለኮት ትምህርቲ ኣብ ትንሣኤን ዕብየትን ቤተክርስቲያን ዝህልዎ ግደ፡ ኣምልኮ ፈጣርን ክብርን ኣማልድነትን ቅዱሳንን ዝብል ናይ ቤተክርስትያንና ትምህርቲ ዝሓቆፈ መደባትውን ተሰሪዑ ኣሎ። ንተሳተፍቲ ንምክትታሉ ምእንቲ ክጥዕም፡ ከምኡውን ነቶም ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ዘይተሳተፉ ብመገዲዚ ጽሕፍ ምእንቲ ኪፈልጡ እንሆ ስብከት ነናይ መዓልቱ በብቲ ኣርእስቱ፡ ብሓጺር መልክዕ ተዳልዩ ይቐርብ ኣሎ።

## 1. እምነት ኣይሁድ ብመንጽር እምነት ክርስትና

ኣይሁዳውያን ብትውልዲ እስራኤላውያን ኮይኖም፡ ኣብ ዘመነ ብሉይ ኪዳን ንእግዚኣብሔር ዝምልኹ ንሶም ጥራይ እዮም ኔሮም። እቶም ዝተረፉ "ኣህዛብ" ብዝብል ሓፈሻዊ ስም ይጽውዑ ኔሮም። መሠረት እምነት ናይ ኣይሁዳውያን ካብቲ እግዚኣብሔር ንኣቦና እብርሃም ዝኣተወሉ ቃል ኪዳን እዩ ዝጅምር። "ኣብራም ወዲ ተስዓን ትሽዓተን ዓመት ምስ ኮነ እግዚኣብሔር ተራእዮ፡...ኣነ ኣብ መንጎይን ኣብ መንጎኻን ኣብ መንጎ ዘርእኻን፡ ብድሕሬኻ ድማ ኣብ ወለደኦም ኪዳነይ ከቅውም እየ። ኣነ ንኣኻን ብድሕሬኻ ድማ ንዘርእኻ ኣምላኽ ክኸውን ዝኾንኩ፡ እዚ ናይ ዘልኣለም ኪዳን እዩ።" (ዘፍ 17፡1-11)። ምልክት ናይዛ ቃል ኪዳንዚኣ ድማ ግዝረት እያ ኔራ። እንተኾነ እቲ ኣብ እስራኤላውያን ጥራይ ተሓጺሩ ዝነበረ ኪዳን ብዓለም ለኻዊ፤ እቲ ብደም እንስሳ ዝዕረቕ ዝነበረ ብደምን ስጋን ክርስቶስ፤ ግዝረት ብጥምቀት ዝትክእ ሓድሽ ኪዳን ኪመጽእ ምዃኑ ተደጋጊሙ ተነጊሩ እዩ (ኤር 31፡31-33፣ ሕዝ 37፡24-32፣ እብ 8፡9-12)። ኣይሁዳውያን ነታ ብመስዋእቲ ክርስቶስ ዝተመስረተት ሓዳስ ኪዳን ኪቕበልዎ ስለዘይደለዩ እምበር ጠፊኦዎም ኪብሃል ኣይካኣልን። ወንጌላዊ ሉቓስ ንግብዝና ኣይሁዳውያን ብኸምዚ ገሊጽዎ ኣሎ። "ኩሎም ህዝብን ተገውትን ሰሚያም ብጥምቀት ዮሃንስ ተጠሚቆም ንኣምላኽ ኣጽደቕዎ። ፈሪሳውያንን ፈለጥቲ ሕግን ግና ብእኡ ኣይተጠምቁን እሞ ነቲ ኣምላኽ ዝመኸረሎም ምኽሪ ነዓቕዎ።" ሉቃስ 7፡29-30። እምበኣር ኣይሁዳውያን "ንሕና ደቂ ኣብርሃም ኢና...ንማንም ድማ ባሮት ኮይንና ኣይንፈልጥን ስለዚ ሓራ ዘውጽኣና ኣየድልየናን እዩ"...እናበሉ ዝተጃህሩ፡ መህደሚ ምኽንያት ድኣ እምበር ሓቅነት የብሎምን። ምኽንያቱ እስራኤላውያን ኣብ ትሕቲ መግዛእትን ባርነትን ዝነበርሉ ዘመን ኔሩ እዩ። ንኣብነት ኣብ ግብጺ 200 ዓመት (ዘፍ 15፡16)፡ ኣብ ባቢሎንውን 70 ዓመት (ገላ 3፡16-17) ተገዚኦም ኔሮም እዮም (ትርጓሜ ኣርባዕቱ ወንጌላት, 2005 ገጽ 731 ተመልከት)። ስለዚ ብሕጽር ዝበለ ኣይሁዳውያን ሰብ ቃል ኪዳን ስለዝኾንና ናትካ ሓድሽ ኪዳን ኣየድልየናን እዩ እናበሉ እዮም ንክርስቶስ ዝማጎትዎ ኔሮም (ዮሃ 8)። ኣብ ቅዳሴና ወትሩ ግዜ ከምንደግሞ፡ ሃዋርያት ድማ (ኣብ ኣመክንዮ ዘሓዋርያት) ከምዚ ክብሉ ምሂሮሙና እዮም "ኢንትገዘር እንከ ከመ ኣይሁድ። ነኣምር ከመ መጽኣ ዘይፌጽም ኦሪተ ወነብያት" (እምበኣር ከም ስርዓት ኣይሁድ ኣይንገዘር። ኦሪትን ነብያትን ዚፍጽም ከም ዝመጸ ንፈልጥ ኢና።"

## 2. ኣብ ቃል ክርስቶስ ምጽናዕን ዘይምጽናዕን

ኩሉ ትምህርቲ ዝኸደ ተመሃራይ፡ ኩሉ ቤተክርስትያን ዝስዕብ ሰብ ድማ ክርስትያንዩ ዘጽዋዕ። እንተኾነ እዚ ናይ ሰብ ኣተሓሳስባን ኣጸዋውዓን እዩ። ጎይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ግን ብንጹር ኣብ ሞንጎ እቶም ንዑኡ ብቃልን ብግብርን ዝስዕብዎን፡ ኣቶም መልክዕ ኣምልኾ እምበር ናይ ልቢ ዘይኮኑን ዓቢ ፍልልይ ከምዘሎ ሚሂሩና እዩ። "ፍቓድ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ ዚገብር ድኣ እምበር፡ ጎይታይ ጎይታይ ዚብለኒ ኩሉ መንግስተ ሰማያት ዚኣቱ ኣይኮነን። በታ መዓልቲ እቲኣ (መዓልቲ ፍርዲ) ብዙሓት ጎይታይ ጎይታይ ብስምካ እተነቤናዶ ኣይኮንናን? ኣጋንንትስ ብስምካዶ ኣየውጻእናን? ብስምካስ ብዙሕ ሓይሊዶ ኣይገበርናን? ኪብሉኒ እዮም። ሽዑ ኣነ እቱም ገበርቲ ዓመጻ ከቶ ኣይፈለጥኩኹምን፡ ካባይ ርሓቑ፡ ክብሎም እየ። ነዚ ነገረይ ሰሚዑ ዚገብሮ ኩሉ ቤቱ ኣብ ከውሒ ዝሰርሔ ብልሂ ሰብኣይ ይመስል። ዝናም ዘነመ ውሒዝ ወሓዘ ንፋስውን ነፈሰ፡ ነታ ቤት ደፍእዋ። ኣብ ከውሒ ተሰሪታ እያ እሞ፡ ኣይወደቐትን። ነዚ ነገረይ ሰሚዑ ዘይገብሮ ኩሉ ኸኣ ቤቱ ኣብ ሑጻ ዝሰርሔ ዓሻ ሰብኣይ ይመስል። ዝናም ዘነመ ውሒዝ ወሓዘ ንፋስውን ነፈሰ፡ ነታ ቤት ደፍእዋ፡ ወደቐት ኣወዳድቓኣ ስማ ዓብዪ ኾነ።" ማቴ. 7፡21-27። ሎሚውን ከምኡ ኪኸውን ይኽእል እዩ፡ ብዙሓት ብኣወንታ ኪንገልጾ ንኽእል ነገራት ዘሎና ክርስትያናት ክንህሉ ንኽእል ኢና፡ እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገልጹ ሰባትውን ኔርዎም እዩ፡ ክርስቶስ ድማ ነቲ ዝበልዎ ኣይተቓወሞምን፡ እንተኾነ ግብሪ ዓመጽ ምግባር ዘየቛረጹ፡ ንቃል ክርስቶስ ድማ ብፊደልን ብመንፈስን ኣጽኒዮም ዘይሓዝዎ ብምንባሮም ፍቓድ ኣምላኽ ዝፍጽሙ ኣይነበሩን፡ ምስ ግዜ ቦታን ኩነታትን ዝለዋወጡ ድኣ እምበር መሠረቶም ጽኑዕ ኣይነበረን። እምላኽ ድማ ንልቢ ዝምርምር ስለዝኾነ ብደጋዊ ነገራት ኣይዕሾን እዩ። ካብዚ ኸምዚ ዝኣመሰለ ፍረ ዘይብሉ ድኻም ኣምላኽ ይሰውረና።

ኣብ ግዜ ራህዋን ድሓንን ክርስትያን ኮይንካ ክትነብር ጸገም የብሉን፣ እቲ ንመሠረትካ ዝምኩር፡ ከምቲ ወርቂ ብሓዊ ዝፍተን፡ ንእምነትካ ዝፍትን ፈተነ ምስ መጸ እዩ፡ ናይ ምጽናዕን ዘይምጽናዕን ዝብል ኣርእስቲ ዝልዓል። ኣብ ፈተና ዝጸንዕ ድማ ቤቱ ኣብ ከውሒ፡ ኣብ ክርስቶስን ቃሉን፡ ዝሰረተ ጥራሕ እዩ። ሓዋርያ ያዕቆብ ከምዚ ብምባል ኣጠንቂቑና ኣሎ "ተፈቲኑ ምስ ወጸ፡ ነቲ እግዚኣብሔር ነቶም ዜፍቅርዎ ዘተስፈዎም ኣኽሊል ህይወት ኪቕበል እዩ እሞ፡ እቲ ብፈተና ዚዕገስ ሰብኣይ ብፁእ እዩ።" ያዕቆብ 1፡12።

## 3. <u>ብሓቂ ደቀ መዛሙርቲ ምኳንን ዘይምኳንን</u>

ነዛ ሓሳብ ብደንቢ እትገጸልና ሓደ ሓቀኛ ፍጻመ ካብ መጽሓፍ ቅዱስና ንጠቅስ። "ካብቶም ኣስማት እናገበሩ ዚዞሩ ኣይሁድ ከኣ ሓያሎ ነቶም ርኹሳት መናፍስቲ ዝሓደርዎም፡ በቲ ጳውሎስ ዚሰብኮ ኢየሱስ ነምሕለኩም ኣሎና፡ ኢሎም ስም ጐይታና ኢየሱስ ኪሰምዩሎም ፈተኑ። እቶም እዚ ዝገበሩውን ሾብዓተ ደቂ ሓደ እስቄዋ ዚብሃል ኣይሁዳዊ ሊቀ ካህናት እዮም። እቲ ርኹስ መንፈስ ድማ፡ ንኢየሱስ እፈልጦ፡ ንጳውሎስውን ኣይስሕቶን እየ፡ ንስኻትኩምከ እንታዎት ኢኹም? ኢሉ መለሰሎም። እቲ ርኹስ መንፈስ ዝሓደሮ ሰብኣይ ከኣ ጎየዮም፡ ጥራዮም ኮይኖም ቆሲሎም ካብታ ቤት ክሳዕ ዚሃድሙ ንኽልተ ኻባታቶም ተባራቲዑ ኣሕመቆም። እዚ ነገርእዚ ኣብቶም ኣብ ኤፈሶን ዚነብሩ ኣይሁድን ጽርኣውያንን ኩላቶም ተፈልጠ። ንኹላቶምውን ፍርሃት ወደቖም፡ ስም ጐይታና ኢየሱስ ከኣ ተመስገነ። ካብቶም ዝኣመኑ ከኣ ብዙሓት ነቲ ዝገበርዎ እናተኣመኑን እናነገሩን መጹ። ብዙሓት ጠንቀልቲ ድማ መጻሕፍቶም ኣኪቦም ኣብ ቅድሚ ኩሉ ኣንደድዎ። …ቃል ጐይታውን ከምዚ ኢሉ ብሓይሊ ዓበየን በርትዔን።" ግብሪ ሃዋርያት 19፡13-20። እምበኣር እንኳንዶ እቲ ፈጣሬ ኩሉ እግዚኣብሔርሲ፡ ኣጋንንቲ እኳ ኣየናይ እዩ ሓቀኛ ክርስትያን ኣየናይ እዩኸ ስማዊ ክርስትያን ብግብርና ይፈልጡና እዮም።

ሓደ እዋን ማህታማ ጋንዲ፡ ናይ ህንዱ ኃይማኖት መራሒ ብዛዕባ ኣብ ከባቢኡ ዝነብሩ ዝነበሩ ክርስትያን ከምዚ ኢሉ ኔሩ። ክርስትያን ስሞም ድኣሉ ካብ ክርስቶስ ዝብል ስም ወጺኡ እምበር፡ ንመራሒኦም ኣይመስሉን እዮም። ሎሚውን ከምኡ እዩ። ብሰንኪ እቶም ሓቀኛታት ክርስትያን ስራሕ ሰይጣን ፈሪሱ ምርኮ ኪበዝሕን፡ ስም እግዚኣብሔር ኪፍራህን ቃል እግዚኣብሔር ኪዓብን ከሎ፤ በቶም መዝሙሮም፡ ጸለቶም፡ ስብከቶምን ምስ ህይወቶምን ናብርኦምን ዘይራኽብ ስማውያን ክርስትያን ድማ መገዲ ኣምላኽ ይጽረፍ። ብዙሓት ካብ ቤተክርስትያን ርሒቖም ዚነብሩ ሰባት፡ ብተደጋጋሚ ዘቐርብዎ ምኽንያት፡ ኣብቶም ነፍስና ከም ፍሉያት ኣመንቲ ጌርና ንሪኣ ክርስትያንን ኣገልገልቲ ቤተክርስትያንን ብዝርእይዎ ሕማቕ ንገራት ምኳኑ እንተ ብቐጥታ እንተ ብተዘዋዋሪ ይገልጹልና እዮም።

## 4. <u>ሓቒ ተኸፍሎ ዋጋን ረብሓኣን</u>

ተመሳሲልካን ነብስኻን ነብሲ እንዳማትካን ኣዓሽይኻን ንኽትነብር ንግዜኡ ቀሊል እዩ። ኣብ ምድሪ ክብረት፡ ኣብ ሰማይ ከኣ ዓስቢ፡ ግን የብሉን። እቲ ዘሕዝን ግን ብዙሓት ሓጺር ኣተሓሳስባ ዘሎዎም ሰባት ዝመርጽዎ መገዲ ንሱ እዩ። ነዚ ኣቛራጭ መገዲ ዝመርጽሉ ምኽንያት ድማ ሓቂ ብዙሕ ናይ ግዜ፡ ጉልበት፡ ገንዘብ፡ ትዕግስቲ… መስዋዕቲ ስለትሓትት እዩ። ርሑቕ ከይከድና ኣብ ዕድመና ዝርኣናዮ፡ ብግብሪ ዝተዋሳእናሉ ኣብነት ኪጥቀስ ይክኣል እዩ፤ ከም ኤርትራውያን ዝሓለፈ ናይ ሳላሳ ዓመት ንነጻነት ዝተገብረ ቃልሲ ግብራዊ ምስክር ኣሎና። በትሪ ሓቂ እንተሒዝካ፡ መሲሎም ኪሓድሩ ብዝደልዩ ድኣ ንግዜኡ መከራ ይበዝሓካ እምበር፡ በትርኻ ዋላ ቐጢና ኣንተተራእየት ኣይትጠልመካን ናብ ራህዋውን ተብጽሓካ እያ።

እቲ ዝገርም ጎይታ ነቲ እትሰምዕ ኣዝኒ ዘላቶ ሰብ ኣቀዲሙ ምዒዱ እዩ። "ተመሃሪ ካብ መምህሩ፡ ጊልያውን ካብ ጎይታኡ ኣይበልጽን እዩ። ተመሃሪ ኸም መምህሩ፡ ጊልያውን ከም ጎይታኡ እንተኾነ ይኣኽሎ። ንበዓል ቤት ብኤል-ዜቡል ካብ በልዎ፡ ንስድራ ቤቱ ግዳ ኽንደይ ኣዝዩ ብዙሕ ዘይብልዎም።" ማቴ. 10፡24-25። ኣብ ታሪኽን ቅዱሳት ጽሑፋትን ከምንዕዘቦ፡ ስለሓቂ ከም ጎይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ጌሩ ዝተሳቐየ የልቦን። እምበኣር ብክርስቶስ ክርስትያን ተባሂልና እንጽዋዕ ምእመናን ኣሰር ጎይታና ክሳዕ ዝሰዓብና እዋን ብዙሕ ክንብሃል ኢና፡ መከራን ማእሰርትንውን ኪበጽሓና እዩ። መጨረሻ ግን ከምቲ ሎሚ ዝበዝሑ ህዝብታት ዓለም ንክርስቶስ ዘኽብርዎ፡ ዘምልኽዎን ልዕል ዘብልዎን ዘሎዉ፡ ንሕናውን ዝግብኣና ክብረት እንረኽበሉ እዋን ርሑቕ ኣይኮነን (ፊሊጲ 2፡5-11)። ከምቲ ምስላ ኣቦትትና ዝብሎ እዩ፣ ሓሶት ስንቂ ሓደ ምሸት፡ ሓቂ ግን ስንቂ ዘልኣለም እያ።

# በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ፡ ኣሜን።

ጎይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ “ኣነ መገድን ሓቅን ሕይወትን እየ…” (ዮሓ. 14፡6)። እምበኣር ኣብ ሓቂ እንተሎና ኣብ ክርስቶስ ኣሎና፡ ኣምላኽ ስለዝድግፈና ድማ ኩሉ ግዜ ሰዓርቲ ኢና። ሰብ ብባህሪኡ ድኹም እዩ፡ መንፈስ ኣምላኽ እዩ ንኹሉ ዘኽእል። እንተኾነ ግደናን ግደ መንፈስ ቅዱስን ክንሓዋውሶ የብልናን፡ ኣብ ቦታና ቆይምና ንዝመጽእ ኩሉ ፈተና ከም ፍቓድ ኣምላኽ ክንገጥሞ ደው ምስ እንብል እዩ መንፈስ ቅዱስ ንረዲኤትና ዝትንስእ እምበር ንምህዳም ዝሕግዘና ሓይሊ ኣይንውሃብን ኢና። ጎይታና ኣብቲ ኣብ ኢድ ሓጥኣን ዝውሃበሉ ቦታ፡ ጌተሰማኒ፡ ኮይኑ እዩ ረሃጽ ደም እናወሓዞ፡ ፍቓድካ እንተኾይኑስ እዛ ጽዋእዚኣ ካባይ ትሕለፍ እናበለ ዝጸሊ ዝነበረ። ከምቲ ጽሑፍ ዝብለና ድማ ዘበርትዕ መልኣኽ ካብ ሰማይ ተራእዮ። ዘበርትዕ መንፈስ እምበኣር ኣብ ቦታና ደው ምስእንብል፡ ንሓቂ ኣጽኒዕና ምስ እንሕዝ ጥራሕ እዩ ዝውሃበና። መሠረትና ጽኑዕ ታሪኽ ቤተክርስትያንናውን ሃብታም እዩ፡ መማህራን ታሪኽ፡ ካልኣይ ሽም ናይ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን፡ “ናይ ሰምእታት ቤተክርስትያን” ዝብልዩ ይብሉ። ኣብ ክንዲ ሓቂ ትቕበር፡ ኣሰር መድሓኒኣም ክርስቶስ ብምስዓብ፡ ጎይወቶም ዝቐበሩ ቅዱሳት ኣቦታትና ኣዝዮም ብዙሓት እዮም። እንተኾነ ቤተክርስትያን ብደም ክርስቶስ ተሰሪታ፡ ብደም ሰማዕታት ድማ ጠጢዓ (ቆሎሴ 1፡24) እምበር ከምቲ ጸላእቲ ቤተክርስትያን ዝምነይዎ ኣይጠፍኣትን (ማቴ 16፡18)። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ትውልዲ ድማ ሓቂ ኪቀብሩ ዝጋደሉን፡ ንሓቂ ደው ዝብሉን፡ ስሊኣውን ክሳብ ክሳዶም ንሰይፊ ዝውፍዩ ሰባትን ኣለዉ፤ ተራ ክርስትያን ጥራሕውን ኣይኮኑን መራሕቲ ቤተክርስትያንውን ይርከብዎም እዮም። ኣብ ሞንጎኦም ድማ ወትሩ ግዜ ዘይቋርጽ ቃልሲ ኣሎ። ዓለምና በቶም ቀዳሞት ጥራይ ዝተባሕተት እንተትኾውን ንኽትነብራ ዘይተመኒ ገሃነም ምኾነት። እቶም ሰብ ሓቂ ግና ፈተና እኳ ዘይፍለዮም እንተኾነ ኣምላኽ ምስኦም ስለዝኾነ ኩሉ ግዜ ሰዓርቲ እዮም። “ ናይ ጻድቕ መከራ ብዙሕ እዩ፡ እግዚኣብሔር ግና ካብ ኩሉ የናግፎ፡” መዝሙር ዳዊት 34፡19። ኣሰር መድሓኒና ክርስቶስ፡ ኣሰር ቅዱሳን ኣቦታትና ክንስዕብን ኣብ ምድሪ ታሪኽ እንገድፍ፡ ኣብ ሰማይ ድማ ዘይሓልፍ መንግስቲ እንወርስ ኣመንቲ ክንከውን ኣምላኽ ይደግፈና።

8ይ ዓመታዊ ጉባኤ (ኮንፈረንስ) ሰዓብቲ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤ/ክ ኤርትራ ኣብ ሰሜን ኣመሪካ።
**ሓምለ 27 - 30, 2006**
**(ሓምለ ፳ - ፳፫, ፲፱፻፺፰ ግእዝ)**

## ኦክላንድ ካሊፎርንያ

ን/ክ/ስነ-ጽሑፍ፡ ኣብ ክ/ትምህርቲን ስብከትን፡ ንኡስ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣመሪካ
መስፍን ሰላም እግዚኣብሔር ንሃገርናን ቤተ ክርስቲያንናን ይባርኽ! ኣሜን!